# ዘተ ተዘክሮታት ሃ.ማ.ደኤ. ጀርመን ምስ ኤሪ ቲቪ




ሃ.ማ.ደኤ. ጀርመን  ኣብ ዕለት 5ን 6ን መስከረም 2009 ኣብ ከተማታት ፍራንክፈርትን ሽቱትጋርትን ናይ 30 ዓመታት ዝኸሪ ዘተ ምስ ኤሪ-ቲቪ ኣካይደን።

እዘን ካብ ኩሉ ከተማታት ጀርመንን ኣውስትርያን ወኪለን ዝመጻ ኣባላት ሃማደኤ: ቅድሚ ናጽነት ዘሕለፈኦ መሪር ቃልሲ ብምዝካር ተሞክሮታት ተለዋዊጠን። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ሳላ ህዝባዊ ግንባር መሰለን ንምርግጋጽን ኣንጻር ጸላኢቲ ኣብ ምምካትን ዘካየድኦ ድርብ ቃልሲ ድርብ ዓወት ከምእተጓናጸፋ ገምጊመን።

ድሕሪ ናጽነት ድማ ሃማደኤ ጀርመን ንወፍሪ ዋርሳይ ይካኣሎ ንምዕዋት ከም ማሕበር ተጠርኒፈን ኣብ ጎኒ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ደው ብምባል ኣብ ምህናጽ ሃገር ጉቡእ ተራኣን ይጻወታ ከምዘለዋ ፕሮጀክት ባረንቱ ጭቡጥ ኣብነት ምዃኑ ጠቒሰንኦ።

ብሕጂ ውን ተመሳሳሊ ፕሮጀክትታት ብምውጣን ኣብ ህንጻት ሃገር ተረኣን ክጻወታ ምዃነንን መንእሰያት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሃማደኤ ተወዲበን ወለዶ ክትክኣ ጻዕርታት ከምዘካይዳን ቃል ኣትየን።

መንግስትን ግንባርን ዘካይድዎ ዘለዉ ዕዉት መስርሕ ህንጻት ሃገር ብምምጓስ ድማ ኣብ ጎኒ መንግስትን ህዝባዊ ግንባርን ደው ከምዝብላ ቃለን ኣሐዲሰን።

ሕጂ ድማ ኣብ ዕለት 21.11.2009 ዝኸሪ በዓል መበል 30 ዓመት ምምስራት ሃማደኤ ንኽጽንብላ ዓቢ ምድላዋት ይገብራ ከምዘለዋ ሓቢረን።

እዚ ገምጋም 'ዚ ብምኽንያት ዝኸሪ መበል 30 ዓመት ምምስራት ሃማደኤ እዩ ተኻይዱ::

© www.raimoq.com